# ደምዳሚ መግለጺ
# ቀዳማይ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ድሕሪ ምዝዛም ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዕለት 02.-05/12/2011 ተሰሪታት ኣበርክቶ ቃልሲ ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋህው ሃገራዊ ባይቶ ቀዳማይ ኣኼብኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ። ዛዕባታት ናይ ኣኼባ ድሕሪ ምጽዳቕ ኣቦ መንበር ባይቶን 2 ምክትላቱን 2 ጸሓፍትን ከምኡ ኣቦ መንበርን ኣባላት ፈጻሚ ቤ/ጽ ጠቕላላ ተቖጻጻሪን ኣቦ መንበራት ቀወምቲ ሽማግለታት መሪጹ።

ሃገራዊ ባይቶ ብዝለዓለ ደረጃ ሓላፍነት ውጽኢት ሃገራዊ ጉባኤ ድሕሪ ምርኣይን ወድዓዊ ገምጋም ደሕሪ ምክያድን ጉባኤ ዕዉት ከምዝነበረ ኣስሚሩሉ። ናይቲ ዓወት ቀንዲ መግለጺ ካብ ኩሉ ኣካውና ሕብረተሰብና ሰፊሕ ሕዝባዊ ተሳትፎ ኣብዚ ታሪኻዊ ጉባኤ እዚ ኣብ ልዕሊ ምስታፍ፡ ነዚ ኣካውናዚ ብዘንጸባርቕን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝተፈላለዩ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት ዝሓዘለ ሃገራዊ ባይቶ ሙቛሙ እዩ።

ተቓላሳይ ሓፋሽ ህዝብና፡

ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ሰርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰካሒ ኩነታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስደት ቦታታት መንእሰያትና ዝገጥሞም ዘሎ ኣሰቃቒ ህይወት ካብ'ቶም ብሰፊሕ ግዜ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ዝተካትዓሎምን ዝተመያየጠሎምን ጉዳያት እዮም። ካብዚ ከትዓት እዚ ብምብጋስ ከኣ በጀካ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ዝነገሶ ስርዓትን ንምትካል ዝዕላምኡ ቃልስና ምሕናን ካልእ ምርጫ የልቦን። ስለዚ ከኣ ኣብ'ቲ መሪሕንት ባይቶ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ትካላትን ናውትን ብፍላይ ድማ ወትሃደራዊ ክንፍታት ውድባትን ዲፕሎማስያዊን ዜናውን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኣብ ሓደ ብምስማር፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ሰርዓትን ሓያል መጥቃዕቲ ንምፍጻም ይኹን ኣብ ቅድሚ ኤርትራዊን ዓለማውን ሓፈሻዊ ርእይቶ ንምቅልዑን ንምብቃዕ ስለ ዘከኣል ሃገራዊ ባይቶ ኣገዳሲ ውሳኔ ኣመሓላለፈ። ካብ'ዚ ነቒሉ ድማ ክሳብ 2ይ ኣኼባ ባይቶ ፈጻሚ ቤ/ጽ ዝምርሓሉ መደባት ሰርዐ።

ኣኼባ ባይቶ ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብህዝብና ብሓፈሻ ብመንእሰያትና ድም ብፍላይ ክብ እናበለ ዝካየድ ዘሎ ተቃውሞ ኣሞጊሱ። እዚ ሓድሽ ኩነታት'ዚ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ናይ ምግልጋልን፡ ብሩህ መጻኢ ናይ ምብራቕን ተሳታፍነት ዝህብ መድረኽ ህዝብና ኣትዩ ከምዘሎ ባይቶ መዚኑ።

ተቓላሳይ ሓፋሽ ህዝብና፡

ኣሕዋትን መሓዙትን ህዝብና፡

ቀዳማይ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ምስንዳእ ጉባኤ ብሃገራዊ ኮምሽን ዝተኻየደ ጻዕርታት ኣሞጊሱ። ከምኡ'ውን ሰፊሕ ኣካላት ህዝብን ፖለቲካዊ በርጌሳውን ሓይልታቱን ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምዕዋት፡ መሰረታውን ውሳኒ ተራ ብምጽዋቱ ክብ ዝበለ ኣድናቖቱ ገሊጹ።

ሰንዓ ፎሩም፡ ብሓፋሽ መንግስትን ህዝብን ፈደራላዊት ኢትዮጵያ፡ ድም ብፍላይ ሃገራዊ ጉባኤ ብዓወት ንኽዛዘም ዓቢ ሓገዝ ብምውፋዮም ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ሉዑል ምስጋና ኣቕሪቡ።

ህዝብና ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተናጊፉ፡ ዲሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ሃገር ንምህናጽ ኣብ`ዚ ዘካይዶ ዘሎ ዕቱብ ቃልሲ ኩሎም ደለይቲ ሰላምን ዲሞክራስን ክድግፍዎን ከምኡ ሃገራዊ ባይቶ ከም ዕላዊ ወኪል ተቓውሞ ደንበ ክእመኑሉ፡ ኣኼባ ባይቶ ምሕጽንትኡ ኣቕሪቡ። ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስትታት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ተበይኑ ዘሎ ኣገዳ፡ ከትርሮ ድማ ጸዊዑ።

ሓው ዝኾነ ኣህዛብ ዓረብ ዘካይድዎ ሰውራ ደገፉ ብምግላጽ፡ ኣብ ቦታ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ቀይሙ ዘሎ መንግስትታት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብና ክድግፍ ብምጽዋዕ፡ ካብ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃዲሙ ኣብ ሃገራቶም ተዓቚቡ ንዘለዉ ኤርትራዊ ብፍላይ ድማ መንእሰያትና፡ ሰብኣዊ ብመሰረት ኣህጉራዊ ስምምዓትን ውዕላትን ኣትሓሕዛ ክግበረሎም ሃገራዊ ባይቶ ጸዊዑ።

ኣብ መደምደምታ ኣኼብኡ፡ ሃገራዊ ባህግታቱን ድልየታቱን ዘንጸባርቕ ብምኳኑ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ጎድኒ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ተሰሊፉ ክቃለስ ጸዊዑ፡፡ ከምኡ ኣብ ስራዊትን ጸጥታዊ ትካላትን ኤርትራ ዝርከቡ ዜጋታት ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቦም ደው ብምባል፡ ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ እጃሞም ከልዕሉ፡ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ተሪር ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ዕድመ ንቃልሲ ህዝብና ምእንቲ ዲሞክራሲ

ክብርን ዝኽሪን ንስዉኣትና፡

ቀዳማይ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ኣዲስ ኣበባ 05.12.2011